# ንጹሓት ልቢ ንአምላኽ ክርእይዎ እዮም እሞ ብፁዓን እዮም (ማቴ 5:8)

## ንባባት፡ ዘዳግ 4፡1-9፥ ማቴ 5፡17-19።

አብ ታሪኽ ቤተ ክርስትያን ብፍላይ አበው ዘስተምህርዎ መሰረት ናይ እምነትና ስለ ዝኾነ ክንፈልጦ ሓጋዚ እዩ። ሓደ ካብቶም ውሩያት ቴዎፍሎስ ብዓል አንጾክያ እዩ። ንሱ 7ይ አቡን ናይ አንጾክያ እዩ፥ ቀዳማይ ቅ. ጴጥሮስ 3ይ እግናጽዩስ ብዓል አንጾክያ።

ቴዎፍሎስ ድሕሪ ሞት እግናጽዮስ ድሕሪ 30-40 ዓመት ሓንቲ አገዳሲት መልእኽቲ ናብ ሓደ አረመናዊ ዓርኩ አአውቶልይኩስ ዝተባህለ  አብ ክርስትና ክመልሶ ኢሉ ዝጽሓፉ መልእኽቲ ትርከብ።  አብታ መልእኽቲ ቴዎፍሎስ ንአውቶልይኩስ መግለጽን ተቓውሞን ነቲ አብኡ ዝነበረ ምጥርጣርን አንጻር ክርስትና ዝነበሮ ርድኢትን ይገልጸሉ። አብ መልእኽቱ ናይ ክርስትና ሞራላዊ ትምህርት ምስ ዘይሞራላዊ አገባብ አብ አረመናዊ ሕብረተሰብ ዘሎ በብሓደ ገሊጹ ይነግሮ። በዚ ኸአ ንክርስትያናዊ ትምህርቲ ክርስቶስ ክቕበል ይመኽሮ።

ሓንቲ ካብቲ ዓባይ ጥቕሲ ቴዎፍሎስ ዝጸሓፉ ከምዚ ይብል፡ አምላኽካ አርእየኒ እንተ በልካኒ ከምዚ ክብለካ እየ ንእስኻ እንታይ ዓይነት ሰብ ከምዝኾንካ ንገረኒ ሽዑ አምላኸይ ክርእየካ እየ ይብል። ቴዎፍሎስ ንአውቶልይኩስ ሞራላዊ ንጽሕና ንክርስቶስ ክርዳእ ከም ዝሕግዞ ይፈልጥ ነሩ። ናይ ልቢ ንጽሕና ብንጹር ንሓቂን ንክርስቶስን ከም እንርዳእ ይገብረና። በዚ እዩ ኢየሱስ ንጹሓት ልቢ ብፁዓት እዮም ከምይ ንአምላኽ ክርእይዎ እዮም ዝብለና።

ንጹሕ ልቢ ክንብል እንከሎና እንታይ ማለት እዩ? ንጹሕ ክትብሃል ከመይ ዝበልካ ክትከውን አሎካ? ሰብ ሕጉስ ክኸውን ጸጋ አምላኽ የድልዮ፥ ብዘይ ጸጋ አምላኽ ሓጎስ ዝብሃል የለን። ክርስትያን ይኹን ካልአ ብመሰል ዘይሓትዎ ንኹሎም አብኡ ዘለዎም እምነትን ፍቕርን ብዘየገድስ ዝውሃብ እዩ። ባህርያዊ ህያባት ኩልና ደቂ ሰብ እንጥቀሞ ዕርክነት፥ ፍቕሪ፥ ናይ እግዚአብሔር ሕያውነትን ሓባራዊ ጸጋ ዝገልጹ እዮም። ሓቀኛን ነባሪ ሓጎስን አብ አምላኽ ዝተሰረተ ካብ አምላኽ ዝውሃብ እዩ። አብ ሕይወትካ ካብቲ ምስ አምላኽ ዘሎካ ጸጋ ዝምንጩ እዩ። ጸጋ ድሕነት ንነፍስና ዕግበት ይህባ፥ አብ ከባቢና ዘሎ ብዘየገድስ ነንፍስና ሓጎስ ይፈጥረላ። እዚ ዓይነት ነባሪ ሓጎስ አብ ወንጌል ኢየሱስ ክርስቶስ ብምእማን ጥራሕ ክንረኽቦ ንኽእል።

ሞት ምስ አምላኽ ርክብ ዘይብልና እንከሎና እንተ መጺአትና ንዘለዓለም ካብኡ ተፈሊና ክነብር ኢና። ሓባራዊ ጸጋ ብዘይ ናይ አምላኽ ምሳና ምህላው ክርከብ አይክአልን እዩ፥ አምላኽ ምሳና እንተ ዘየሎ ኩሉ ሓጎስ ደው ይብል። እቶም ብእምነት ሕይወቶም አብ ኢየሱስ ዘቕርቡ ብዘይ ዝኾነ ንብዓት፥ ኃጢአት፥ ሕፍረት ወይ ሓዘን ዘለዓለማውነት ክረኽቡ እዮም። አብ አምላኽ ኩሉ ሓጎስን ምእሉእነትን ክረኽቡ እዮም። ግን እቶም ዘይአምኑ እቶም ልቦም ንጹሕ ዘይኮኑ ኩነኔን ካብኡ ክፍለዩን እዮም፥ ምልአት ዘይብሉ ዘለዓለማውነት ካብ ዝኾነ ሓጎስ ዝተሓረሙ ክኾኑ እዮም። በቲ ዘድሕን ጸጋ አምላኽ ጥራሕ ኢና አብ ቅድሚ አምላኽ ንጹሕ ልቢ ሒዝና ክንቀርብ እንኽእል። ደሙ ነ]ንነፍሳትና የንጽሕ እሞ ንአምላኽ ከም እንርኢ ይገብረና። አብዚ ዓለም እንከሎና ብመጠኑ አብ ዝመጽእ ዓለም ከአ ብምልኡ ከም እንርእዮ ይገብረና። እቶም ንጹሓት ልቢ አብ አምላኽ ሕጉሳት እዮም ምኽንያቱ አብ ኢየሱስ ንአምላኽ ብመጠኑ ይርእይዎ እሞ ብተስፋ አቐዲሞ ገጽ ንገጽ ይርእይዎ።

ኣብ ማቴ 5፡8 ንጹሓት ልቢ ንኣምላኽ ክርእይዎ እዮም እሞ ብፁዓን እዮም ይብል። ብፁእ ዝብሃል በቲ ምስ ኣምላኽ ዘለዎ ርክብ ኣብ ጽቡቕ ኩነት ወይ ሓጎስ ዘሎ እዩ። ንጹሓ ልቢ ብፁኣት እዮም ምኽንያቱ ኃጢአቶም ተሓዲግሎም እዩ፥ ከምኡ ንኣምላኽ ክረኽቡሉ ዝክእሉ መገዲ ኣልኦም። ብፁኣት ክንብል እንከሎና ብዙሕ ጊዜ ንንዋታዊ ነገራት ከም ሃብቲ ጥዕና፥ ግዙፋዊ ነገራት ዝሓዙ ከስምዕ ይኽእል እዩ። ግን ኣብ መንግስቲ ኣምላኽ ብፁኣን ክንብሃል ነቲ ምስ ኣምላኽ ዘሎና ዕግበትን ሓጎስ ናይ ድሕነትና ክንሕዝ ከሎና እዩ። ዳዊት ንጉሥ ኣብ መዝ. 51፡8-12 ነዚ ሓቂ ድሕሪ ኣብ ኃጢአት ምውዳቑ ኣብ ምሕረት ኣምላኽ ዝረኸቦ ሓጎስ ይገልጽ።

ዳዊት ኃጢአቱ ኣብ ቅድሚ እግዚአብሔር ምስተሓድገሉ፥ ሓጎስን ደስታን ኣብቲ ዝተጎድአ ሕይወቱ ይርእዮ። ምስ ኣምላኽ ርክብ ምስ ገበረ ንጹሕ ልብን መንፈስን ንሓጎሱ ይሕድሶ። ንሕና እውን እምነትና ኣብ ወንጌል እንተ ገበርናዮ ኃጢአትና ብደም ኢየሱስ ድኅነት ከምቲ ሃብቲ ጸጋኡ ኸአ ኅድገት ኃጢአት ኣሎና (ኤፌ 1፡7፥ ቆላ 3፡17)።

ኦዮኖት እዮም ንፁሓት ልቢ ዝብሃሉ? ብናይ ኢየሱስ ክርስቶስ ሕይወትን ሞትን ትንሣኤን ኩሎም ኃጢአተኛታት እምነቶም ኣብ ክርስቶስ ዝገብሩ ንፁሕ ልቢ ይውሃቦ። ኩሎም እቶም ዝተጸውዑን ብኣምላኽ ዝድኃኑን። እቶም ንእግዚአብሔር ኣምላኾም ብምሉእ ልቦምን ብምሉእ ነፍሶምን ብኹሉ ኣእምርኦምን ዘፍቀሩ (ማቴ 22፡37) እዮም ንጹሓት ልቢ ዝብሃሉ።

ኢየሱስ ኣብ ምሉእ ወንጌል ደጋጊሙ ንጹሕ ሕይወት፥ ኃጢአትን ክሕደት ዘይብሉ ሕይወት ክነብር ይነግረና። ብዙኃት ኃጢአት ግዳማዊ ጠባይ ወይ ተግባር እዩ እይብሉ፥ ግን ኢየሱስ ኃጢአት ካብ ልቢ ከምዝምንጩ የስተምህረና። ኃጢአትና ብሓሳብና፥ ብአገባብራና ጠባይና፥ ቃላትናን ተግባራትናን ይግለጽ። ኻብ ውጭጢ ልቢ ሰብ ክፉእ ሓሳብ፥ ምንዝርና፥ ስርቂ፥ ቅትለት፥ ዝሙት፥ ስስዐቲ፥ ክፍአት፥ ተንኮል፥ ስድነት፥ ቅንኢ፥ ሕሜት፥ ትዕቢት፥ ዕሽነት ይወጽእ (ማር 7፡21-22) ይብለና።

እቶም ንጽሓት ልቢ ኣምላኽ ከም ዝኃረዮም ቅዱሳንን ፍቁራትን ሕዝቢ ኮይኖም ምሕረት፥ ለውሃት፥ ትሕትና፥ ሕያውነት፥ ትዕግስቲ፥ ይለብሱ ንሓድሕዶም ይጸዋወሩ ኣብ መንጎ ቅር ዘብል ነገር እንተሎ ይቕረ ይብሃሃሉ፥ ከምቲ ጎይታ ይቕረ ዝበለሎም ይቕረ ይብሃሃሉ (ቆላ 3፡12-13)።

ንጹሓት ልቢ ዝብሃሉ እቶም ንገዛእ ርእሶም ኣብ ፍቕሪ ዝነብሩ ጥራሕ ኣይኮኑን እንታይ ድኣ ልዕሊ ኹሉ እቶ ኣምላኽ ብወዱ ኣብ መስቀል ገሩ ዝሓደገሎም እዮም። ከም እንኣምኖን እንርድኦን ንጹሓት ንእግዚአብሔር ክርእይዎን ሕጉሳት ክኾኑን እዮም። እንተ ኾነ ሕይወትና ብምሉእ ህጉዝ ክኸውን ዝኽእል ኣይ ኮነን ኣብዚ ምድሪ ልዕሊ ዝኾነ ዘገድስ ቅድስናና እዩ። ንቅድስና ኢልና እንተ ዘይተቓለስና ንኣምላኽ ኣይክንርእዮን ኢና (ዕብ 12፡14)።

ከመይ ገርና ኢና ንጹሓት ልቢ ክንከውን እንኽእል?